# ፈራሕ ሰብ ንሽግሩ ክፈትሓሉ ዝኽእል ሚእቲ መንገድታት ክረክብ ይኽእል ኢዩ
# እንተኾነ እቲ ኣብ መወዳእታ ዝመርጾ መንገዲ ምህዳም ኢዩ

ሰላም ከመይ ቀኒኹም:: ንነዊሕ እዋን ጽሑፋትና ኣቛሪጽና ጸኒሕና ኢና: ዝበሃል ሲኢና ዘይኮነ: ዝደራረብ ዘሎ ዝተሓላለኸ ጉዕዞ ዳህሳስ ከባቢናን: ውሽጢ ልብናን ምፍታሽ ስለ ዝደለና ኢዩ:: እቶም ክስተታት ብዙሓት ኢዮም:: ነትን ከይመለስካ: ናብትን ከይሓተትካ: በዚን ከይፈተሽካ ማዓልቦ ንምብጻሕ ዘድልዮም ውስጠዘታት: እልቢ! እልብታት!!! ኮይኖም ናብ ዝዝፍዘፍሉ ዘለዉ ዘመን: ኪኖ ጽን ኢልካ ምስትውዓል: ገጥ ኢልካ ትሓልፎም ጥራይ ዘይኮነ: ምጥርጣር ልብታትና ኣዋዲድና: ንጠርጠራና ናብ ጭቡጥ ሓቂ ንምምጻእ: ብድሆ ንብለሉ ህሞት ኢዩ እዚ ህሞት እዚ::

ትማሊ ኤርትራ ክውንቲ ንምግባር ኣብ እነካይዶ ዝነበርና ደማዊ ቓልሲ: እቶም ኣብ ውሽጥን ግዳምን ዝነበሩ ጸላእትና ኣብ ሰብ ሰርሖ መነጽር ከይተጸበና: ነቶም ኣሳሰይቲ ኾይኖም ወትሩ ንኽለኣኹ ጥራይ ዘምሕረሎም: ነታ እንኮ ምህላዎም 'ውን እንተኾነ ኣብ ትኳቦን ውህብቶን ዝሰርዑ: ናይ ባዕሎም ሓሳብ ዘይብሎም ስርዓታት ኢትዮጵያ: ኣብ ውሽጢ ህዝቢ ኮይኖም በቲ ሄልመት ዝወደየ ኣራእሶምን ኪሎታት ዝምዘን ዝረግጽሉ ዶግዱግ ወትሃደራዊ ጫማን ህዝቢ ኤርትራ ከይተዳህለ: ንእሾኽ! ብእሾኽ!!! ነቂሱ ክስዕሮም እንከሎ: ናይ ርሑቕን ቀረባን ጸላእቱ ብዝግባእ ኣለልዩ ኢዩ ዝቃለስ ነይሩ:: ዊንታ ገድልን መስገደልን ሚዕርዎ ዘይኮነ: ከም ዝምዕር ገይሩ ስለ ዝተቓለሰሉ: ተጋዳላይ መዓልቦ ናይ'ታ ዝውንጭፋ ዝነበረ ሓባሪ ጥይት: መዋድቖ ናይ'ቲ ዝውርውሮ ዝነበረ ቦምባ ኢድን: ብስቕሎ ዘሐምብቦ ዝነበረ መዳፍዕን: ክንደይ የውድቕ? ክንደይ ይቐትል? ትርፌ ኽ ክንደይ ይማሪኽ? ገድሊ ዘይኮነ ህዝቢ ስለ ዝነበረ ኢዩ: ኪኖ እቶም ለኣኽቲ ስርዓታት ኢትዮጵያ ንዘለዉ ተጻባእቲ ደርማስ ሓይልታት ዓለምና ዝጽውዑ: ክልተ ደምበ ምብራቕን ምዕራብን: ሓይልታት ናይ ትማልን ሎምን ጉጅለ ሰብ ፍሉይ ረብሓን: ንኻሊኢት 'ውን ሰኸክ ከይበለ: ነዛ ናይ ሎሚ ኤርትራ ክውንቲ ንምግባር ዝበቕዐ::

ሓንከርትና ቅድሚ ገድልን መስገድልን ብብዙሕ ኢዮም ፈቲኖምና: ምህላውና ስለዘይመዓሮም ኣብ'ዛ እንኪሒራ ዓለም: ከም ሕጊ ዓሳ ከይሰሰና ንኽውሕጡና ሃቂኖም ጥራይ ዘይኮነ: እዚ ቓልን ግብርን እዚ: ናይ ትማሊ ዝኽሪ: ንናይ ሎሚ ታሪኽ መሐበሪ ዝኾነና ወስታ ናይ'ቲ ክንመውት እንተዘይተኻኢሉ ድማ: ድምጽና ንመዋእሉ ንኸይስማዕ ክንዕበጠሉ ዝተዋደደ መሸርኻና ዓመጽቲ ዝኾነ ዊዲት ማእለማኦም ምድህሳስ: ንከይዲ ጽባሕና ዘርህው: ንጽዋእ በርከትና: ኪኖ ሎሚ ንጽባሕ ጥራይ ዘይኮነ: ንዘንተ -ዓለም ወ-ዓለሙ ዘንብረና: መጻኢ ወለዶና ቑጹይ ሽሻይ ዝቃደሰሉ: መወዳእታ ናይቲ መጀመርያ ዝኾነ ታሪኽ እንተዳህሰስና: መሰለትና ንምጽብባቕ ዘይኮነ: መራሺ ጉዕዞና ነቲ ነባሪ ህንጸት ምዕባሌና ዝኾነ ህየሳ መጻኢ መደባትና ንምሕንጻጽ ንኽጥዕመና ኢዩ:: ንኺድ ጥራይ!!! መኼዳና ግን: ምዕራፍ ጅምርን ፈጽምን ዘለዎ: መትከላዊ ዕላማ ኢዩ::

ራውያ ኣብ ባሕሪ ሓምቢሱ ዝበሃለሉ ጽውጽዋይ ኣይኮናን ዘለና:1ይ ስርሒት ባቢሎን ኣብ ቁጹሳት መጻሕፍቲ ተነጊሩሉ ተሓሊፉ ኢዩ:: ሎሚ ጌና ኣብ'ቲ እነናሻዕ ዝቕጽል ዘሎ መድርኽ ፍጻሜ 2ይ ባቢሎን ኮይና: ሰደቓ ሓቅታት ኣብ ኢድና ጨቢጥና ንሟጎተሉ እዋን ኢና ዘለና: ክንዲ ዝኾነ ኣብ'ዚ ናይ ሎሚ እነቕርቦ ጽሑፍና: ከም'ቲ ልዕል ክንብል ሂብናዮ ዘለና ኣርእስቲ ምርኩስ ገይርና ኢና ክንዝቲ:: ዘተና ግን: ዘተ ንስለ ዘተን ሞጎተን ዘይኮነ: ንስለ ርትዕን ጽንዕን: ንስለ ድሕነት ትማልን ሎምን ኢዩ:: ኤርትራ ክትህሉ ኣለዋ ኢዩ እምንቶና!!! ኣይፍለጥን መን ከ ኣይትሃሉ ኢሉዋ ዲዩ? ዝብሉ: ንልቦም ብእግሮም ዝሓምተልዋ: ንዓይኖም ምእንቲ ንኻልኦት ከሐጉሱ ኣብ ክንዲ ብሓቑቕ ማይ: ብዝመጭቆረ ሽብጢ ሓጺቦም ብዘዕወርዎ ዓይኖም ዳህሲሶም እንዳሰማዕናዮም እንከለና: ኣይፋል ንስኹም ድኣ ዘየለኹም: ኣይረኸብናኩምን ዝብሉናስ ኣይተሳእኑን: ብቐደሙ 'ውን ምህላውና ዝዓርያሮም ሰብ ሕንቕትና ድኣ: ከመይ ቢልና

ክንረኣዮም:: ከመይ ቢልናኽ ክንምዕሮም:: እቲ ጸገም እኮ መዓርኩም ሃቡና እሞ: እቲ ንህበኩም ዓንዴል ዕረ: ፍሽኽታ ወሲኽኩም ወሓጡ ኢዩ ዘየሳንየና ዘሎ:: ንሶም ፍሑኽ ፍሑኽ ኢሎም ዝተኸለዎ እግሪ: ኣይፋል ንዘለኣለም ምጉርባስ ኢዩ ዘጸብቐልኩም እንክብሉና: ተሪርናዮም እንተፈቐዱ 'ዉን: ኪኖ ድንን ምባል ክሳድኩም ኣይተቐንዑ ዝብሉ: ንኾኾብ ብኢዶም ክጭብጡ ዝደናደኑ: ናይ ዘበና ፎርኦናት እንተገጠሙናኸ: ንጎልያድ እኮ ዳዊት ኢዩ ስዒርዎ:: እቲ ምስዓር ግን: ጽውጽዋይ ኣይነበረን:: እምንቶ ሓቅነቱ እምበር: ውዕለት መዓልቲ ኣይነበረን:: ንፎርኦን 'ውን ኣብ ሓቂ ዝጸንዐ በትረ ሙሴ ኢዩ ደምሲስዎ:: መልሓስ ትኸስስ ኣላ: ዋና እንተረኺባ ኸኣ: ብመልሓስ ከይትፍረድ ዘስተብሃለት ኣይትመስልን: ጸወታ ገበጣ ኣብቂዑ ኢዩ:: ሕጂ ውን ክንጠራጠር ናይ ግድን ኢዩ:: ምጥርጣርና ግን: ሰዓርን ተሰዓርን ኣይኮናን ክንርኢ ንህንጠ ዘለና: ጸብለልታ ሓቅን ፍትሕን ኣብ ቅድመና ከቃልሓ ኢና: ምልኣት ልብና ክንርኢ ኣርሒና ዘለና::

ኣቦታትና ኣብ መሬት ዘይወድቕ ዘረባ ኢዮም ዝዛረቡ: ምኽንያቱ ካብ ምህሮስ ኣእሙሮ 'ውን እኮ ተባሂሉ: "ቀሺ ገበሮን ኢልካ ኣይትግበር: ቀሽን ዝበለካንከ ግበር::" ኢዩ ነገሩ: ወያ መሰል ኣህዛብ ጥራይ ዘይኮነ: መሰል ውልቀ ሰብ 'ውን: ብደሞክራስያዊ እምንቶ ክኽበረሉ ኣለዎ ኢላ ልዕሊ መድግም ዘረባ መቓልሕ ሞግስዕ እትመልስ: ከም ኣደን ኣቦን ደሞክራሲ እትስመ ኣመሪካ ኢያ: ንህዝቢ ኤርትራ ደሞክራስያዊ መሰሉ ብሓይሊ ብምዕፋን: ናብ ዲቕ ዝበለ ጸልማት ክትሸሞ እንከላ: ኣቐዲማ ዘሕለፈቶ ውሳይ ነይሩዋ ኢዩ:: ኣይቀደዋን! ልኡኻታ ከም ልቦም ኣይተዓወቱን እምበር: ሓድሕዳዊ ደም ምፍሳስ ህዝቢ ኤርትራ ብጊሓቱ ንምርኣይ ዓይና ኣይሓሰየትን: ስለ ዝኾነ ኢዩ ኸኣ: ኤርትራ ሊቃውንታ በጃ ዝኸፈለት:: ዝኸፈልናዮ መስዋእቲ ኪኖ ምክልኻል ናብ ምጥቃዕ ሰጊሩ: ህያው ጭቡጥ ዓወታት ምርግጋጽ ሉኡላዊት ሃገረ ኤርትራ ኣግሂዱልና ኢዩ:: ተጻብኦታት ሓንከርትና ሓይሉ ንምግርባስና ኣብ ዝተወደነ ውጥን ከኣ: ክንከላኸል ጥራይ ዘይኮነ: ንዑኡ መኪትና ንመድርኽ ጀልነት ሰጊርና: ሎሚ ነቲ ዘይጽልምት ህያው ሓቅታትና ናብ ዓለምና ኣድሚቕና እነጥቀዓሉ እዋን ኢና ኣቲና ነዚ እከይ ውዲታዊ ተግባራት ነቃልዕ ዘለና 'ሞ: መኸተ ብድሆና ንምክልኻል ዝኣንፈተ ዘይኮነ: ሎሚ ብድሆና ናብ መጥቃዕቲ ብምድሃብ: ርእሲ ተጻባእትና ኣብ ትሕቲ እግርና ኣድኒና ነለፋልፈሉ ህሞት ኢና ኣቲና ዘለና 'ሞ: ኣገናዕ ህዝቢ ኤርትራ!!! ሰናይ ምክትታል: ን 4 ይ ክፋል ጽሑፋትና::

ሰናይ ንባብ ን 4 ይ ክፋል:-

**ኣውቶቡስ ኣልቡራቕ**



ብደገፍ ኣሳላጥነት ሙስጠፋ ኑርሑሼን: እተን ኣል-ቡራቕ ዝብሃላ ወኪል ጉዕዞ ሱዳን ናብ ኤርትራ ምምልላስ ካብ ዝጅምራ ኣዋርሕ 'ኳ እንተሕለፉ: ሕጂ ግን ካብ'ቲ ብዓብደላ እድሪስ ዝምራሕ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራን: ብጸጥታዊ ደገፍ ናይ ሓሰን ዓብዱላህ ኣል-ቱራቢ: መራሕ ጥሩፍ እስላማዊ ምንቅስቓስ ሱዳን ኣጽዋር ጽዒነን ናብ ኤርትራ ይኣትዋ ኣለዋ:: ኣብ ኬላ ሓለዋ ምክትታል ዶባት ከኣ ተፍትሽ ክካየደልን ደው ንኽብላ ተኣዚዘን ኣለዋ:: ኩሉ ተሳፋሪ ወሪዱ ኣብተን ናይ ኣል-ቡራቕ ኣውቶቡሳት ተጻዒኑ ዝጸንሐ ብዝሒ ዘለዎ ብግዜ ነቲጉ ዝትኮስ ቦምባታትን: ኣውቶማቲክ ጠበናጁን: ናብ ማእከል ኤርትራ ክሰግር ተታሒዙ ኣሎ:: ወከልቲ መጓዓዝያ ኣል-ቡራቕ ክልተ ኣሕዋት: ዓብዱ ዓሊ ኣሕመድ: ስራጅ ዓሊ ኣሕመድ ንተሓታትነት ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ኣትዮም ኣለዉ:: ንሳቶም ነቲ ኣብተን ኣውቶብሳት ዝጸንሐ ኣጽዋር ጸዓንቱ መን ምዃኖምን? ናይ ዋንነቱ ሓላፍነት ንመን ከሰክምዎ ከም ዝኽእሉ? ዝኾነ ኣፍልጦ ከም ዘይብሎም ንፖሊስ ቃሎም ይህቡ ኣለዉ:: ሚኒስትሪ መጓዓዝያ ነዚ ተረኺቦ መበገሲ ብምግባር ህጹጽ ኣዋጅ ይዝርግሕ ኣሎ::

# ኩባንያ ኮርፐሬሽን መጓዓዝያ ኣል-ቡራቕ
# ኣብ ኣውቶቡሳቱ ተጻዒኑ ካብ ዝጸንሐ ዓይነት ኣጽዋር

ብግዜ ዝባራዕ ተቶካሲ ቦምብ





ኣውቶማቲክ ጠበናጁ ኣውቶቡስ ኣልቡራቕ






ኣቦ ወንበር ጥሩፍ እስላማዊ ምንቅስቓስ

ዶክተር ሓሰን ዓብደላህ ኣል-ቱራቢ

ኣማሓዳሪ ዞባ ጋሽ ባርካ

ሙስጠፋ ኑር-ሑሴን





”ካብ ሎሚ ጀሚሩ: ዝኾነ ኣብ ናይ ጽዕነት መካይን ይኹን: ናይ ህዝቢ ኣገልግሎት ይኹን: ናይ ገዛ መካይን ተጻዒኑ ዝርከብ ዝኾነ ዘይሕጋዊ ብገበን ከሕትት ዝኽእል ንብረት: ቀዳማይ ተሓታትነቱ ንወነንቲ መካይንን: መራሕቲ መካይንን ምዃኑ ብምንጻር: ሓደ ናይ መቆጻጸሪ ሕጊ ኣዊጁ ኣሎ::” ኣመሓዳሪ ናይ’ቲ ዞባ ነቲ ተረኺቡ ኣመልኪቱ የእዳዉ ናብ ናይ ግዳም ሓይልታት ይቕስር ኣሎ:: ማእከላይ መንግስቲ ሱዳን ኣብ’ቲ ተረኺቡ ምስግጋር ኣጽዋር ናብ ኤርትራ: ኢድ ከም ዘይብሉ ብምሕባር: ንነብሱ ነጻ ይገብር ኣሎ::

ባቢኬር ኣቡልኺያራት



ሓደ ባቢኬር ኣቡልኺያራት ዝብሃል ሰብ: ካብ ሱዳን ናብ ኤርትራ ገጹ ይግስግስ ኣሎ ሓደ እኩብ ጉጅለ ኣብ ኣስመራ ይቕበሎ ኣሎ:: እዚ ጉጅለ’ዚ ኣብ ድሕሪ ኣምባሳዶር ሆቴል: ፊት ባር ጆስ ዝርከብ ሆቴል ....... የዕሪፉ ኣሎ:: ኣብ ኢድ እዚ ጉጅለ ናይ ሓደ ሚእቲ ሽሕ ዶላር መንቀሳቐሲ ገንዘብ ተታሒዙ ኣሎ:: እቶም ንኩባንያ ኮርፐሬሽን መጓዓዝያ ኣል-ቡራቕ ዘንቀሳቕሱ ክልተ የሕዋት: ኣብ ካፕሪ ሆቴል ከም ዘለዉ ተፈሊጡ: በታ ብዘይ ሕጊ ዘሰጋገርዋ ዋንነታ ናይ ተጋዳላይ ተፈሪ ዝኾነት: ብኮድ 01 ዝፍለጥ ቁጽሪ ሰሌዳ

ዓብደላ ጃብር



ዝተዓደለት መኪና ናብ ሱዳን ብምስጋሮምን: ነቲ ኹሉ ዊዲታት ዘካይዱ ብምዃኖም ኣብ ትሕቲ ቐይዲ ኣትዮም ኣለዉ:: መርመርቲ ፖሊስ ንስረሖም ብዝግባእ ሒዞም የካይዱ ኣለዉ:: ከም ውጺኢት መርመረኦም ከኣ ቃለ እምነት ባቢኬር ኣቡልኽያራት 1ይን 2ይን ክፋል ቀዳሕ ጥብቆ ሊንክ ተመልከት:-
https://www.youtube.com/watch?v=6Q34iicHIPY
https://www.youtube.com/watch?v=5PtfjPuMnKk

ምስራዊ ሓላፊ ፖለቲካዊ ጉዳያት ሓሳም ዓብደላህ ነርሎዲን: ምስ ኤርትራዊ ሓላፊ ምንቅቓሕን ውደባን ህዝባዊ ግምባር ንደሞክራስን ፍትሕን: ዓብደላ ጃብር ርክብ ይገብር ኣሎ:: ኣብ’ቲ ዝገብሮ ዘሎ ርክብ: ንኣሉታዊ ምሕደራ ስርዓት ኣስመራ ንዝበሎም ኣመልኪቱ ዓብደላ ጃብር ይዝቲ ኣሎ ንሱ:: ኣብ’ቲ ዝርርቡ ንናይ ጽባሕ ዝህሉ ሓድሽ ስርዓት ኣመልኪቱ ይዘራረብ ኣሎ:: ኤርትራዊ ሓላፊ ምንቅቓሕን ውደባን ዓብደላ ጃብር ዝያዳ ቀዳሕ ጥብቆ ተመልከት:-

https://www.wikileaks.org/plusd/cables/08ASMARA247_a.html

ስዑዳዊ ዲፕሎማት ኣልሰይድ ዓብደላ ረጅዓን: ኣብ ኣስመራ ኣብ ዘሎ ቤት ጽሕፈቱ ምስ ሓላፊ ምንቕቓሕን ውደባን ዓብደላ ጃብር: ምስጢራዊ ርክብ የካይድ ኣሎ:: መንግስቲ ኤርትራ ነቲ ዝካየድ ዘሎ ርክብ ክሳብ መዓልቦ መፈጸምታኡ ብጽሞና ይከታተሎ ኣሎ:: እንታይ ክስዕብ ኢዩ ቀጻሊ ንከታተል:: ዝያዳ ዝስዕብ ቅዳሕ ጥብቆ ሰነድ ተመልከት:-
http://mereja.com/forum/viewtopic.php?f=32&t=100061
https://wikileaks.org/saudi-cables/doc83323.html

## ሜሮን እስቲፋኖስ



ሜሮን እስቲፋኖስ ተባሂላ ኢያ እትጽዋዕ:: ሜሮን ኣብ እትቕመጠሉ ሃገር ሽወደን ዝነብር ኣሜላክ ዝብሃል: ካብ ኣቡኣን ኣዲኣን ዝውለድ ሓዋ ኣለዋ:: ኣብ ነርወይ እትቕመጥ ሶፍያን: ኣብ ካናዳ እትቕመጥ ሄለንን ብኣዲኣ ዝውለዳ ኣሕዋታ ኢየን:: እንተኾነ ግን ሜሮን በቲ ኹሉ ጸረ ሃገር ተግባራታ: ካብ ምሉእ ቤተ-ሰባ ዝተነጸለት መላእ ስድራ-ቤት 'ውን ምዒዱ ከስምዓ ዘይከኣለ: ነቲ ስድራ ቤትን መላእ ሕብረተ-ሰብ ኤርትራን መንሽሮ ኮይና ዘላ: ባዕላ ብዝፈጠረቶ ናይ ተነጽሎ መንገዲ: በቲ ኣብ መድርኽ ንኽትፍለጥን ክትስመን ዘለዋ ክቱር ባህግን ድልየትን: ሜሮን ሎሚ ዝኾነ ኣባል ስድራ ቤታ ሰላም ናይ እግዚኣብሄር ዝነፈጋ ንጽልቲ ኢያ:: ስለ'ዚ ኩሉ ገበናታ ንውልቃ ጥራይ ስለ ዝምልከት ንኹነታታ ንምብራህ ጥራይ ዘይኮነ: ዝያዳ ሜሮን ብሰንኪ እቲ ኣነ ዘካይዶ ናይ ምጥባቕ ሰብኣዊ መሰል ስራሕ: ስድራይ ብመንግስቲ ኤርትራ ኣብ ኣደራዕ ወዲቖም: ወላዲት ኣደይ ወይዘሮ ሊድያ መሰላታ ተጋሂሱ: እቲ እተካይዶ ዝነበረት ብስም ቤት መስተ ሊድያ (ባር ሊድያ) ዝፍለጥ 'ውን እንተኾነ: ኣነ 2% ክሽፍል ፍቓደኛ ብዘይ ምኻነይ ጥራይ እነሆ ኳ ድሮ ዓጽዮሞ:: እቲ ካብ ክብሪ ዋጋ ንምድሓን ብድኅማ መንግስቲ መቕነን ዝወሃብ መሳርፍ ዘይተ መይትን ሽኮርን ጥረ-ምረ እኽልን: ስድራ ቤተይ ክረኽቡ ኣይከኣሉን:: ኣብ ኤርትራ ኣነ ልዕሊ ዕድመ ብዝወስዶ ስጉምቲ: መንግስቲ ኤርትራ ንስድራ ቤተይ የኸላብቶም ኣሎ ንዝበለቶ ውጹእ ሓሶትን: ነቲ ኣንጻር ህዝብን መንግስትን ኤርትራ እተካይዶ ዘላ ክቱር ናይ ጽልእን ቅርሕንትን ጸለመን ዝያዳ ንምብራህ ኢና: ነዚ ንውልቀ ህይወት ታሪኻ ምስ'ቲ ተዓሲባ እተካይዶ ዘላ ናይ ተለኣኣኽነት እከይ ውዲት ብዝምልከት ኣተሓሒዝና ክትንትን ዝተቐሰብና::

መንገዲ ገበነኛታት ከም ህበይን ጸድፍን ኢዩ:: እቲ ብዘይ ጠስምኻ ወለል: ብዘይ ኹታካ ሰለልሲ ኣይክብረትን ሕስረትን 'ምበር ዝተባህለ: ህይወት ሜሮን ኣብ ሽወደን ንብሩህ መጻኢ ዕድላ ዘጸልመተ ኢዩ ነይሩ:: ብሰንኪ ዝነበራ ኣካይዳ 'ዉን ናብ መስተ ሽጋራ ዝዘንበለት ሜሮን: ናብ ዕጸ ፋርስ ምውሳድ 'ውን ኣይደንጎየትን:: ከም ሳዕቤኑ 'ዉን ትምህርታ ኣቋሪጻ ኣብ ናይ ሽማግለታት ምእላይይ ስራሕ ምስ ተዋፈረት 'ውን: ኣመል ምስ መግነዝ ኮይኑዋ ካብቶም ንምእላዮም ሓላፍነት ዝወሰደትሎም ሽማግለታት: ካብ ጅቡኦም ገንዘብ ክትሰርቕ ስለ ዝተታሕዘት ካብ ስራሕ ተባሪራ: ብገበናዊ መዝገብ ተቐጺዓ ምስ ህዝቢ ካብ ዘራኽባ ስርሓት ከይትሰርሕ 'ውን ተኣጊዳ: ኣብ መዛግብቲ ሽወደን ስማ ጸሊም መዝገብ ሰፊራ: ወልፊ ዕጸ ፋርስ ተደሚርዎ ኸኣ: ንምእራማ ተባሂሉ ናብ ተሃድሶ ኣትያ ኽርቲታትሉ ኢያ::

## ሳሙኤል ቢዘን ኣብርሃ



## ዶክተር በረኸት ገዛኢ ገብሩ



ንሕማቕ ግዜ በዓል ጋዕሳ ኣላታ ከም ዝበሃል: ሜሮን ድምጻ ብዝሃባ ትዕድልትን: መንእሰያት ኣብ'ቲ ንሳ እትመርሖ paltalk-room ብዙሓት መንእሰያት ክሳተፉ ምስ ጀመሩ: እቲ ቀዳማይ ዝገበረቶ ምትእስሳር: ምስቶም መንግስቲ ኤርትራ ብናይ ህዝቢ ገንዘብ ንማህደረ ትምህርቲ ኢሉ ናብ ደቡብ ኣፍሪቃ ዝለኣኾም ተማሃሮ እትካየድ ዝነበረት: ብማሕበር ኤምዲሰመ ደቡብ ኣፍሪቃ ብድምጺ መሰልና ደሊና

እትፍለጥ ራድዮ: ኣንጻር ህዝብን መንግስትን ሃገርን ኣብ ዝቐንዐ ፕሮፓጋንዳዊ ጎስጓስ እተካይድ ዝነበረት ራድዮ ዝሰርሑ ዝነበሩ ኣካየድቲ ራድዮ ድምጺ መሰልና ደሊና: ሳሙኤል ቢዘን ኣብርሃ: በረኸት ገዛኢ ገብሩ: ምናሴ ተኽላይ ርክብ ዝመስረተት ሜሮን:: ንራድዮ ድምጺ መሰልና ደሊና ሓገዝ ክእክበልኩም ብማለት:

ሜሮን ዝጨወየታ ራድዮ ድምጺ መሰልና ደሊና




ምናሴ ተኽላይ



ዶክተር ዳኒኤል ረዘነ መኮነን

ሓቀኛ ስም

ዮሴፍ ገብረህይወት

ዶክተር ዳኒኤል ከበደ ረታ





ብፉሕኽ-ፍሕኽ ሓደ እግራ መርገጺ ዝረኸበት ሜሮን: ነቲ ቀንዲ ናይ ኣንድነት ኢትዮጵያ ተጣባቒ ዝኾነ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ዝቕመጥ: ንቓልሲ ህዝቢ ኤርትራን ንዝተኸፍለ መስዋእቲ ብምንእኣስን ምድዋንን: ነዛ ብዋጋ ሰማእታት ዝመጸት ነጻን ሓራን ሉኣላዊት ሃገረ ኤርትራ ብምኽሓድ: (ምቅንጃው ገድሊ) ብዝብል ኣርእስቲ ብቛንቛ እንግሊዝ ንዝጸሓፎ ናብ ቛንቛ ትግርኛ ብምትርጓም: ብድምጺ ምናሴ ተኽላይ ኣብ ራድዮ ድምጺ መሰልና ደሊና ከም ዝንበብ ኣብ ምግባር: ተራን ግደን ሜሮን ቀሊል ኣስተዋጽኦ ኣይነበረን:: ፊነወ ራድዮ ድምጺ መሰልና ደሊና ንትርጉም መጽሓፍ ዶክተር ዳኒኤል ከበደ ረታ: ዘይጎነጻዊ ኣገባብ ቃልሲ

ኣምባሳዶር ኢትዮጵያ

ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ

ሰሎሞን ኣበበ



(ዶክተር ዳኒኤል ረዘነ መኮነን) ኣብ ምዝርጋሕ ፊነወ እጃም ዝነበራ ሜሮን: ነታ ብድምጺ መሰልና ደሊና እትፍለጥ ራድዮ ድሕሪ እቲ ካብ ኤውሮጳዊ ሕብረት ዝረኸበትሎም: €75.000 (ሰብዓን ሓሙሽተን ሽሕ ኤውሮ): ነታ ፊነወ ራድዮ ድምጺ መሰልና ደሊና ምሉእ ብምሉእ ብምቁጽጻር: ንኣንባቢ ጽሑፍ ራድዮ ድምጺ መሰለና ደሊና ምናሴ ተኽላይ ብኢሕጋዊ ዝኾነ ናይ መርዓ ከይዲ ብምትሕብባር: ካብ ደቡብ ኣፍሪቃ ናብ ሽወደን ከተእትዎ እንከላ: እቲ ብስም ዶክተር ዳኒኤል ረዘነ መኮነን ዝጽዋዕ: ዶክተር ዳኒኤል ከበደ ረታ 'ውን: ኣብ'ቲ እዋን እቲ ኢዩ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ጀሃንስ በርግ ዝርከብ ኤምባሲ ኢትዮጵያ: ብቐጥታ ካብ ኣምባሳዶር ሰሎሞን ኣበበ: ብመሰረት ትውልዲ ኢትዮጵያውነቱ ምርኩስ ብምግባር: ሓሙስ ዕለት 29-11-2007 ናይ ሃገሩ ኢትዮጵያ ሃገራዊ ፓስፖርት ዝወሰደ::

ዶክተር ዳኒኤል: ካብ ኣዲኡ ወይዘሮ ምጽላል ረዘነ መኮነን: ካብ ኣቡኡ ሻምበል ከበደ ረታ: ኣብ ዕለት 22-03-1965 ኣብ ኢትዮጵያ ኣዲስ ኣበባ ኢዩ ተወሊዱ:: ወይዘሮ ምጽላል ነቲ ቦኽሪ ወዳ ምስኣ ከተዕብዮ ስለ ዘይከኣለት ኢያ: ኣብ ደቀምሓረ ናይ መባእታ ቤት ትምህርቲ መምህር ምስ ዝነበራ ዓባዩ: ንምጽላል ወላዲታ ወይዘሮ ጻድቁ ራሕሪሓትለን ተመሊሳ ናብ ኣዲስ ኣበባኣ ዝተመርቀፈት:: ንወዲ ጓለን ምዕባይ ዝኣገመን ወይዘሮ ጻድቁ ብግደአን: ናብተን ኣብ'ቲ እዋን

እቲ ኣብ ከተማ ደቀምሓረ ከባቢ ቾንትራለ ዝርከብ: ዓቢዩ ብቤት መስተ ደቀምሓረ ዝፍለጥ ዝውንና ዝነበራ ሓብተን ወይዘሮ ስላስ ንኽዓቢ ብማለት: ናብተን ክልተ የሕዋተን ማለት: ናብ ወይዘሮ ስላስን: ወይዘሮ ለምለምን: ሳልሰይተን ወይዘሮ ትብለጽን ዘረከበኦ:: ንዳኒኤል ዝያዳ ኹሉ ከም ወላዲት ኮይና ዘዕበየቶ ኸኣ ወይዘሮ ለምለም ኢ.ያ:: ወይዘሮ ለምለም ድሕሪ ሞት ወይዘሮ ስላስ ወራሲት ናይ'ቲ ቤት መስተ ንሳ ኢ.ያ ነይራ:: ኣብዚ ሕጂ እዋን ከኣ እቲ ቤት መስተ ብትብለጽ እትብሃል ሓብታ ኢዩ ዝውነን ዘሎ:: ስለ'ዚ ዶክተር ዳኒኤል ኣብ ኢ.ትዮጵያ ዝተወልደ: በኣዲኡ ይኹን በኣቡኡ ምሉእ ብምሉእ ብደም ኢ.ትዮጵያዊ ኢ.ዩ:: እቶም ኣብ ገለ ጽሑፋት: ንዳኒኤል ከበደ ረታ ምስ ኣምባሳዶር ተስፋሚካኤል ገራህቱ ብምዝማድ: ናብ ሕምብርትን: ጸሎትን: ደቀ-ምሓረን ከዛምድዎ ዝፍትኑ ሰባት: ዳግም ንሰነዳዊ ሓቅታትኩም ፈትሹ ንብሎም:: ኣብ ኤርትራ ግን ልዕሊ 10 ዓመት ዝተቐመጠ ብምኻኑ: ኣብ እዋኑ ብዝወጸ ኣዋጅ

ጳውሎስ ተስፋገርግሽ በዓታይ

ሚርያም ፋን ራይዘን






ረፈረንዱም ሕጊ መንግስቲ ኤርትራ ኸኣ: ብምርጫኡ ኤርትራዊ ዝኾነን: ደጊሙ ኣብ ዕለት 29-11-2007 ኸኣ: ዳግማይ ብምርጫኡ ኤርትራዊ ዜግነቱ ዝኸሓደን: ወይ ዝመለሰን ኢ.ዩ:: ኣቡኡ ንዶክተር ዳኒኤል: ሻምበል ከበደ ረታ: ሓዉ ነቲ ኣብ ኢ.ህወደግ ኣባልነት ሒዙ ዘሎ ብበዓል በረኸት ስምኦን ዝምራሕ ውድብ ብኣዴን ዝኾነ ዮሴፍ ረታ: ንዳኒኤል ሓወቡኡ ኢ.ዩ:: ዳኒኤል ካብ ኤርትራ መወለድ የብሉን:: ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ዝርከብ ናይ ኢ.ትዮጵያ ኤምባሲ ፓስፖርት ድሕሪ ምሓዙ: ንመጀመርታ ግዜ ናይ ሓባር መሳርሕቲ ክሳብ ዝኾኑ: ብመንገዲ ሓገዝ ጳውሎስ ተስፋገርግሽ በዓታይ ንተወሳኺ ትምህርቲ ብዝብል ጉልባብ: ምሉእ ጸብጻቡ ነታ ኣብ በልጂም ዝመደበራ ሆላንዳዊት ሚርያም ፋን ራይዘን ወናኒት ናይ'ቲ EEPA: ኣማኻሪ ውሽጣዊ ፖሊሲታት ኤውሮጳዊ ሕብረት ተባሂሉ ዝጽዋዕ ትካል: ናብ ሆላንድ ከተማ ማስትሪኽት ኢ.ዩ መጺኡ:: ዝኣተወሉ ሰነድ መገሺ ኸኣ: ብናይ ትውልዲ ሃገሩ ኢ.ትዮጵያ ፓስፖርት ከም ኢ.ትዮጵያዊ ኢ.ዩ ናብ ሆላንድ ኣትዩ:: ስጋዕ ሕጂ ሒዝዎ ዘሎ ዜግነት ከኣ: ናይ ኢ.ትዮጵያ ድኣ 'ምበር: ናይ ካልእ ናይ ምዕራብ ሃገር ዜግነት ፓስፖርት ኣይሓዘን:: ናይ ስዊዘርላንድ ዜግነት ንኽሕዝ እሞ ኸኣ: ዜግነት ስዊዘርላንድ ብኸመይ ቀጥዕን ኣገባብን ይውሰድ: ነቲ ሕጊ ናይ ስዊዘርላንድ ዝፈልጡ ሰባት ንግደፈሎም::

ዶክተር ዳኒኤል ከበደ ረታ ናብ ሆላንድ ድሕሪ ምእታዉ: ከም ቀዳማይ መደቡ ዝሓዞ ስራሕ: ናብ መዓስከር ስደተኛታት ብምንቅስቓስ: መንግስቲ ሆላንድ ኣብ ጉዳይ ሕቶ ስደተኛነትኩም መንበሪ ወረቐትኩም ንምቅልጣፍ: መጽናዕቲ ክገብር ኢ.ዩ ሰዲዱኒ ዘሎ:: እዚ ብጀካ እቲ ንዓኹም ዝህበኩም ጠቐሚ: ኣነ ኸኣ: ንመጽናዕታዊ ትምህርተይ ክሕግዘኒ ኢ.የ ዝሰርሓሉ ዘለኹ ብማለት: ካብ ገለ ግሩሃት ኤርትራውያንን: ኤርትራውያን ዘይኮኑ ብስም ኤርትራ ወረቐት ናይ ዝሓተቱ ኢ.ትዮጵያውያንን: እልቢ ዘይብሉ ሰነዳት ቃለ መሕትት ብምክያድ: ነታ እተሰርሖ ዝነበረት ወናኒት "E.E.P.A." ኣማኻሪ ውሽጣዊ ፖሊሲታት ኤውሮጳዊ ሕብረት ሚርያም ፋን ራይዘን: ጸብጻቡ ኣቕሪቡ:: ኣብ ዝቐጸለ መስርሕ ከኣ: ብደረጃ ኤውሮጳ ናብ ነርወይ ስዊዘርላንድ ኣየርላንድ ብምኻድ: መጽናዕታዊ ኢ.ዩ ዝበሎ ናይ ዓሎቕ ጽሑፋቱ ኣቕሪቡ:: ነዚ ጽሑፍ እዚ ምርኩስ ብምግባር ኢ.ዩ: ኢ.ትዮጵያዊ ዶክተር ዳኒኤል ከበደ ረታ: ነቲ ኣለኒ ዝበሎ ጸብጻብ ናብ መርማሪት ኮምሽን ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ጉዳይ ኤርትራ: ከም ኤርትራዊ ብምኻን ጸብጻቡ ዘቕረበ::

ዶክተር በረኸት ሃብተስላሴ



ዶክተር ዳኒኤል ከበደ ረታ (ረዘነ መኮነን): ናይ'ቲ ብኤርትራውያን ቆይሙ ዝተባህለ ኣንጻር ህዝብን መንግስትን ሃገረ ኤርትራ ሕጋዊ መጽናዕቲ ብምክያድ:ኣብ ልዕሊ ህዝብን ሃገርን መንግስትን ኤርትራ ክሲ ንምምስራት ዘኽእሎም: ማሕበር ሞያውያን ሕጊ ዝተባህለ ካብ ዝመስረቱ ናይ ቦርድ ኣባል ኢ.ዩ:: ነዚ ማሕበር እዚ ብድሕሪት ኮይኑ ዝዝዉሮ: ንቕዋም ኤርትራ ባዕለይ ነዲፈዮ ዝብል ዶክተር በረኸት ሃብተስላሴ ኢ.ዩ:: ዶክተር በረኸት ሃብተስላሴ: ሓደ ካብቶም: "ቅድሚ ሞተይ ሕብረት ኤርትራን

ኢትዮጵያን ከርእየኒ: ንኣምላኽይ ይልምን::” ቅዳሕ ጥብቆ ተመልከት:- https://www.youtube.com/watch?t=12&v=ztgsNcspUik ካብ ዝበሉ: ነቲ ትማሊ ኣላትኒ ዝብላ ዝነበረ ሃገር: ደም ሰማእታት ከይነቐጸ እንከሎ ንነጻነት ኤርትራ ዝተኸፍለ ዋጋ ብምኽሓድ: ኢትዮጵያውነቱ ዝመረጸ ኤርትራዊ ኢዩ:: ዶክተር በረኸት ሃብተስላሴ: ኣብ ታሪኹ ’ውን: ኣብ ግዜ ስርዓት ሃይለስላሴ ናይ’ቲ ንጉስ ናይ ሕጊ ኣማኻሪ ኮይኑ ዘገልገለን: ኣብ ግዜ ስርዓት ደርግ መንግስቱ ሃይለማርያምን ’ውን: ናይ ሕጊ ኣማኻሪ ነይሩ:: ኣብ’ዚ ሕጂ እዋን ከኣ: ሓደ ካብቶም ቀንዲ ኣንጻር ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ዓበይቲ ናይ ዕንወት ተጻብኦታት ካብ ዝመርሑ ዘለዉ: መግዛእቲ ካብ ዝጸፈየልና ስምብራት ሓድጊ መግዛእቲ ኢዩ::

## ኣባላት ማሕበር ሞያውያን ሕጊ

http://www.eritreanlawsociety.org/aboutUs.html


ሚኪኤል ግርማይ


ሳምራዊ ዑቕባይ


ማሕሙድ ዑመር


ዳኒኤል ከበደ ረታ

## ኤልሳ ገረሱስ ጭሩም



ናይ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዳይሬክተር ኣምነስቲ ኢንተርናሽዮናል ማርቲን ሂል: ንኹሉ ንጉዳይ ኤርትራ ዝምልከት ጸብጻባትን ሓበሬታትን: ብመንገዲ እታ ዝኸተባ ኤልሳ ገረሱስ ጭሩም ጓል ፈትየን ኣቢሉ ጥራይ ክመሓላለፍ ጥብቂ ትእዛዝ ኣመሓላሊፉ ኣሎ:: ኤልሳ ገረሱስ ጭሩም ጓል ፈትየን: ነዚ ስለ ዘረጋገጸት ጥራይ ኣይኮነትን ኣብ ልዕሊ ዶክተር ዳኒኤልን መሰልቱን እተግባዕብዕ ዘላ: ኤልሳ ገረሱስ ጭሩም ጓል ፈትየን ናብ’ዚ ሕጂ ዘላቶ ደረጃ ቅድሚ ምብጽሓ: ኣብ ኢትዮጵያ ከተማ ኣዲስ ኣበባ ተወሊዳ ዕድሚኣ ምሉእ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኢያ ትቕመጥ ነይራ:: ንኤርትራ ’ውን እንትርፎ ብናይ ወረቐት ናይ ትምህርቲ ጆግራፍ ካርታ: ብኣካል ነታ መሬት ትኹን ነቲ ህዝቢ ኣይትፈልጦምን ኢያ:: ኤልሳ ገረሱስ ጭሩም ጓል ፈትየን: ካብ ኤርትራዊ ኣቦኣ ገረሱስ ጭሩም: ትግራወይቲ ኣዲኣ ወይዘሮ ፈትየን: ኣብ ዕለት 22-10-1959 ኣብ ኢትዮጵያ ከተማ ኣዲስ ኣበባ ተወሊዳ:: ኤልሳ ነዲኣ ፈትየን 3ይቲ ውላደን ኢያ:: ካብቶም ክልተ የሕዋታ ንኤልሳ ገረሱስ ጭሩም ጓል ፈትየን: ሓደ ዮውሃንስ ዝብሃል ሓዋ ከም ኩሎም ሰማእታት ነዛ ሃገር ክውንቲ ኤርትራ ንኽትከውን በጃ ክሓልፍ እንከሎ: ሓደ ሓዋ ኸኣ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ኢዩ ዝቕመጥ:: ኤልሳ ገረሱስ ጭሩም ጓል ፈትየን ዝኾነ ርክብ ምስ’ቲ ኣብ ኣሜሪካ ዘሎ ሓዋ የብላን:: ኣሸንኳይዶ ከም ወዲ ኣቡኣ ወዲ ኣዲኣ ከም ዝረሓቐ ጓና ’ዉን ሰላም ናይ እግዚኣብሄር የብላን:: ንኤልሳ ኣቦኣ ገረሱስ ጭሩም: ጌና ኣብ ሓዳሮም እንከለዉ ካብ ካልኦት ኣንስቲ ብወሰን ብምውላዶም: በዓልቲ ቤቶም ወይዘሮ ፈትየን ሓንሳብ ምስ ነጸገኦም ኣይተቐበለኦምን:: እቲ ብፍትሕ ዝተበተነ ሓዳር ንኤልሳ ጓል ፈትየን: ካብ ኣቡኣ ካብ ብዙሓት ኣንስቲ ዝውለዱ ኣሕዋት ኣለዉዋ:: ኤልሳ ገረሱስ ጭሩም ጓል ፈትየን ምሉእ ዕድሚኣ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኢያ የሕሊፋቶ:: ንኤርትራ ንሓንቲ መዓልቲ ’ውን ትኹን ኣይረኣየታን:: ካብ ኣዲስ ኣበባ ናብ ዓባይ ብሪጣንያ ዘምረሐት ኤልሳ ገረሱስ ጭሩም ጓል ፈትየን: ኣብ እዋኑ ዝኾነ ክትገብሮ እትኽእል ነብሳ እተማዕብለሉ ምንቅስቓስ ኣይነበራን:: ካብ መፈለምታኡ ግን ነቲ ደርግ ዝተኸተሎ ንኣተሓሕዛ ኤርትራ ዝምልከት ከቢድ ነቐፌታ ከም ዝነበራ ግን ዝከሓድ ኣይነበረን ጥራይ ዘይኮነ: መዛግብቲ ሕሉፍ ታሪኻታ ’ውን እንተኾነ ነዚ ሓቂ እዚ ኢዮም ዘነጽሩ:: ዝያዳ ብሩህ ንምግባሩ ኤልሳ ገረሱስ ጭሩም ጓል ፈትየን: ካብ መፈለምታኡ ናይ ኤርትራ ነጻነት ዘይትቕበል ኣብ ርእሲ ምንባራ: ስርዓት ደርግ ኣብ ኣተሓሕዛ ህዝቢ ኤርትራ ዝኸተሎ ዝነበረ ሜላ ውጺኢቱ ድሕሪ ዛዛሚ ኹናት

ናብ ፍጹም ነጻነት ኤርትራ ከይከይድ መአታን: ኣተሓሕዛ ህዝቢ ብምምሕያሽ: ኢትዮጵያ ብዘይ ናይ ባሕሪ ኣፍ-ደገ ወደብ ንኸይትተርፍ ካብ ዘለዋ ድልየት: ፍሉይ ኣገባብ እትኸተል ዝነበረት ኢያ:: እቲ ናይ ነዊሕ መስርሕ ዕላማኣ ኸኣ: ዋላ'ኳ ህዝቢ ኤርትራ በቲ ዘካየዶ ዘይሕለል ቃልሲ ነጻነቱ ዘረጋገጸ ህዝቢ እንተኾነ: ምስ ግዜ ኤርትራ ከም'ቲ ኤልሳ ገረሱስ ጭሩም ጓል ፈትየን ንበኑር እትብሎ ጉዳይ: ናብ ኢትዮጵያ ተመሊሳ እትለሓቐሉ መስርሕ ንኽካየድ: ካብቶም ብታሕቲ ታሕቲ ዝሰርሑን ተወዲቦም ብስዉር ዝውድቡን ምንባራ እቲ ዝተንጠልጠለ ንጹር ኣካይዳኣ ዘብርሆ ሓቂ ኢዩ::

ኤልሳ ገረሱስ ጭሩም ጓል ፈትየን ናብ ዓባይ ብሪጣንያ ምስ ኣተወት: ምስ ሓደ ኢንጂነር ኤፍሬም ተኸስተ ዝተባህለ ዕርክነት 'ኳ እንተሓዘት: ናይ ምውላድ ጸገም ስለ ዝነበራ ኸኣ: ነታ እንኮ ሲሞን ዝስማ ጓላ ብናይ ዘርኢ ወዲ ተባዕታይ ምስግጋርን: ዘርኢ እንቛቑሖ ጓል ኣንስተይትን ናብ ማህጸን ብምቕባል: (ejaculation during copulation) ኢያ ክትወልዳ ኪኢላ:: ኤልሳ ገረሱስ ጭሩም ጓል ፈትየን: ብንእስነታ ናይ ዘጋጠማ ናይ ገጻ ምጥዋይ ንቡር ሕክምና ኣይረኸበትሉን:: እታ እንኮ ብምስግጋር ናይ ዘርኢ ወዲ ተባዕታይን: ዘርኢ እንቛቑሖ ጓል ኣንስተይትን ናብ ማህጸና ተቐሚጡላ ዝተወልደት ጓላ 'ውን ምሉእ ጥዕና ክትረክብ ኣይከኣለትን ጥራይ ዘይኮነትሲ: ከቢድ ስንክልና ዘለዋ ቆልዓ ኢያ ተገላጊላ:: ኤልሳ ገረሱስ ጭሩም ጓል ፈትየን: ምስ'ቲ ኣብ ኣሜሪካ ዘሎ ሓዋ ጥራይ ኣይኮነን ርክብ ዘይብላ: ምስተን ን9 ወርሒ ኣብ ከብደን ጸይረን: ን3 ዓመት ኣብ ዝባነን ዝረረዋ ትግራወይቲ ወላዲታ ወይዘሮ ፈትየን 'ውን ርክብ የብላን ጥራይ ዘይኮነ: ፈጺማ ኢያ ክሒዳተን:: ኤልሳ ገረሱስ ጭሩም ጓል ፈትየን: ስም ናይተን ኢሕ ኢለን ዝወለዳኣ ወላዲታ ወይዘሮ ፈትየን ምስ እትጽውዓላ: ወይ ኩነታተን እንተ ኣልዒልካላ ንመዋእልካ ሱር ነባሪ ጽልኢ ከም ዝሰረትካ ክትርዳእ ኣለካ:: እተን ኣብ ትውልዲ ዓደን ኢትዮጵያ ዝቕመጣ ዘለዋ ወላዲታ ንኤልሳ ገረሱስ ጭሩም ጓል ፈትየን: ካብ ጓለን ዝኾነ ቅንጣብ ሓገዝ ኣይረኸባን ኢየን:: ምስ ጓለን ሓንሳእን ንሓዋሩን ኢየን ተባቲኸን:: ኤልሳ ገረሱስ ጭሩም ጓል ፈትየን: ልዕሊ 20 ግዜ ናብ ኢትዮጵያ ክትመላለስ እንከላ: ንሓንቲ መዓላቲ 'ውን ትኹን ንወላዲታ ወይዘሮ ፈትየን በጺሓተን ኣይትፈልጥን ጥራይ ዘይኮነት: ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ምህላወንን: ኣቡኡ ዝነብራ ምኺነንን ጠቒሳተን ኣይትፈልጥን:: ኤልሳ ገረሱስ ጭሩም ጓል ፈትየን ንወላዲታ ዘይሓገዘትን: ንእንኮ መዓልቲ 'ውን ትኹን ቁሊሕ ኢላተን ዘይትፈልጥ: ንህዝቢ ኤርትራ ሓልያ ክትሰርሕ ኢያ ኢልካ ምሕሳብ ከኣ የዋህነት ጥራይ ኢዩ:: ጭካኔ ኤልሳ ገረሱስ ጭሩም ጓለን ንወይዘሮ ፈትየን: ኣብ'ዚ ዘብቅዐ ኣይኮነን:: ነታ እንኮ ዝወለደታ ዝሰንከለት ጓላ 'ውን እንተኾነ: ከም ወላዲት ናይ ኣደ ፍቕሪ ዘይተርእያን: ምስ ኣለይቲ ራሕሪሓታ ናብ ፈቓድኡ እትኸይድ ኣሬመን ኣደ ኢያ ኤልሳ ገረሱስ ጭሩም ጓል ፈትየን:: ኣቦ ጓላ ኢንጂነር ኤፍሬም ተኸስተ ንጓሉ ሲሞን ሒዙ ምስ እንዳ ኣቦሓጉኣን ትውልዲ ሃገራን ዓዳን ከላልያ ናብ ኣስመራ ኤርትራ ክወስዳ እንተደለየ ውን በቲ እተካይዶ ናይ እከይ ውዲት ተግባራት ብምፍርራሕ ኢያ ንጓላ ናብ ሃገራ ከይትበጽሕ ዝኸልከለታ እግሪ እግሪ እዚ ምኽልካላ ኢያ ኸኣ ብስዉር ብዘይ ኣፍልጦ ወላዲ ኣቡኣ ንህጻን ሲሞን ልዕሊ ክልተ ግዜ ናብ ኣዲስ ኣበባ ኢትዮጵያ ዘመላለሰታ

## ኣባል ማእከል ወኪል ስለያ ኣሜሪካ (ማወስ)
## ዳይሬክተር ኣምነስቲ ኢንተርናሽዮናል
## ኣብ ጉዳያት ቀርኒ ኣፍሪቃ
## ዶክተር ማርቲን ሂል



ኤልሳ ገረሱስ ጭሩም ጓል ፈትየን ኣብ'ታ እግራ ናብ ዓባይ ብሪጣንያ ዘንበርረትላ እዋን: ሕማቕ ውራይ መቕይሒ ሓያም ከም ዝበሃል: ምስ ትልምታታ ዘሳኒ ባህጊ ልባ ኢዩ ገጢሙዋ:: ሌላ ምስ ናይ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዳይሬክተር ኣምነስቲ ኢንተርናሽናል ዶክተር ማርቲን ሂል ንኸተካይድ ግዜ ኣይወሰደላን:: ኤልሳ ገረሱስ ጭሩም ጓል ፈትየን ምስ ናይ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዳይሬክተር ኣምነስቲ ኢንተርናሽናል ዶክተር ማርቲን ሂል ድሕሪ ምልላያ: እቲ ርክብ ናብ ፍጹም ስጥመት ምስ ከደ: ምስ ሕዱር መደባታ ዝኸይድን ዝሳነን: ነቲ እትደልዮ ጥሙሓታ ዘርዊ ካብ ናይ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዳይሬክተር ኣምነስቲ ኢንተርናሽናል

ዶክተር ማርቲን ሂል ሓደ ዓቢ ዕማም ኢዩ ተዋፊቡዋ:: ኣብ እዋኑ ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ ድሮ ናይ ፈንቅል መዋቃዕቲ ወሲዱ ንባጽዕ ሓሪሩላ ዝነበረ ኩነት: ነጻነት ሎሚ ዶ ጽባሕ ኣብ ዝበሃለሉ ዝነበረ ህሞት: ነጻነት ክውን ምኻኑ ዘይተርፎ ክውንነታዊ ሓቂ ብምኻኑ: ኣልሳ ገረሱስ ጭሩም ጓል ፈትየን ናብ መሳርዕ ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ ክትቀራረብ: ቡኡ ኣቢላ ኸኣ መእተዊ መሳኸቲ ዝኾና ከተዳሉ ኢዩ ተነጊሩዋ::

ኤልሳ ገረሱስ ጭሩም ጓል ፈትየን: ምስ ናይ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዳይሬክተር ኣምነስቲ ኢንተርናሽዮናል ዶክተር ማርቲን ሂል: ንጉዳይ ናይ'ቲ ብኣምነስቲ ዝምልከት ስርሓት ብዝምልከት ጥራይ ኣይኮነን ርክባቶም ኣትሪሮም:: ኪኒኡ ዝሓለፈ ናብ ምድራብ ግብረ ሕቡእ ናይ ገዛ ሰበይቲ 'ዉን ቀይርዋ ስለ ዝነበረ: ዶክተር ማርቲን ሂል ክሳብ ዕለተ ሞቱ: ንኤልሳ ገረሱስ ጭሩም ጓል ፈትየን: 2 ይቲ ትሕኘ መርወዩ ግብረ ሕቡእ ሕዝእቲ ቀይሩ ኢዩ ዘስርሓ ነይሩ::

ናይ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዳይሬክተር ኣምነስቲ ኢንተርናሽዮናል:
ምስቶም ንሃገሮም ሶማል: ሰላማ ዝዘረጉ ሶማላውያን

ማርቲን ሂል



ሰራዊት ኣሜሪካ ኣብ ምግፋዕ ህዝቢ ሶማል



ዶክተር ማርቲን ሂል: ማእከላይ ቤት ጽሕፈቱ ኣብ ዓባይ ብሪጣንያ ሎንዶን ኮይኑ: ሓደ ካብቶም ኣብ ምፍራስ ሃገረ ሶማል ዓቢ ግደ ዝነበሮ ሰብ ኢዩ:: ንሱ ንጉዳይ ኢትዮጵያ: ሱዳን: ኤርትራ: ሶማል: ጅቡቲ: ግብጺ: ከንያ ዝከታተል ዳይሬክተር ኣምነስቲ ኢንተርናሽዮናል ኮይኑ: ብጉልባብ ኣምነስቲ ኢንተርናሽዮናል ኣብ ምፍራስን ምብትታንን ሶማል: ምሕላፍ ናይ መጀመርያ ብይን እገዳ ሃገረ ሶማል ምስ ናይ ኤርትራ ተቛሪኑ ንኽወጽእ ረቒቕ ካብ ዘቕረቡ: ናይ ዕለት 03-ታሕሳስ 1992 ውሳኔ ቁጽሪ 794 https://www1.umn.edu/humanrts/peace/docs/scres794.html ተራን ግደን ዳይሬክተር ኣምነስቲ ኢንተርናሽዮናል ዶክተር ማርቲን ሂል ዓብን ኣገዳስን ኢዩ ነይሩ:: ነዚ ንምትግባር ከኣ ካብ መጀመርትኡ ኢዩ: ነቲ ከም ኣባል ማእከል ወኪል ስለያ ኣሜሪካ (ማወስ) ኮይኑ ንዝሰርሓሉ ዝነበረ ትካል ተመዊሉ ዘካይዶ ነይሩ ጥራይ ዘይኮነ: ንባዕሉ 'ውን ድሕሪ ሞቱ ሓደ ቀንዲ ካብቶም ኣባል ማወስ ምንባሩ ኢዩ ተቓሊዑ ጥብቆ ተመልኪቱ:-
http://www.theguardian.com/theguardian/2015/jan/21/martin-hill-obituary

ማርቲን ሂል ሶማላዊ ሓሰን ሸረ ኣምባሳዶር ዮሱፍ መሓመድ እስማዒል ባሪ ባሪ





ሓደ ካብ'ቲ እዚ መርበብ እዚ ዝፈጸሞ ዕንወት እንተሃልዩ: ባዕላ ውን ኤልሳ ገረሱስ ጭሩም ብድምጻ ዝተቐርጸ ሰነድን ከም ዘብርሆ: ናይ እቶም ኣብ እዋን ምውዳቕ መራሒ ሊብያ መዓመር ጋዳፊ ዝነበረ ኩነታት ንጹር ንምግባር:- ብዕለት 17-18-03-2011 ኣብ ባሕሪ ሜዲትራንያን ሰጢሞም ናይ ዝሃለቑ 387 ኤርትራውያን ኣብ ምውህሃዱን: ነቶም ሰባት ካብ ኤርትራ ኣብ ምውጻኦም ጀሚርካን: ክሳብ ናብ ሱዳን ምስ ኣተዉ ናብ ተጸዋዒ ስደተኛታት ውድብ ሕቡራት ሃገራት UNHCR ከቅርብዎ ዝግበኦም ታሪኽን: ዝርዝር ኣስማቶምን ኣብ መዝገባ

ሒዛ ትከታተሎ ከም ዝነበረትን፡ ነቲ ኣብ ምውጻኦም ዝነበረ ተራ ሰንሰለታዊ ምትእስሳርን ዝኸፍልዎ ዝነበሩ ሕሳብ ገንዘብን ከይተረፈ፡ ዋላ ክሳብ ቁንዝዖ ኢዳ ብምዝርጋሕ ዓቢ መርበብ ብምኽፋት እትሰርሓሉ መስርሕ ኢዩ ጥራይ ዘይኮነ፡ እቲ ባዕላ ኤልሳ ጭሩም ምስ ማርቲን ፕሊ ብምዃን ዘዳለወቶ ናይ ሓሶት ውልቀ ታሪኽ ስደተኛታት፡ ኣብ ሱዳን ብመንገዲ እቶም ስደተኛታት ምግዋሖም፡ እቶም ስደተኛታት UNHCR ነቲ ኣብ ኤርትራ ገጢሙና ዝበልዎ ታሪኽ መዝገቡ ድሕሪ ምስናድ፡ ናብ ወጻኢ ሃገር ናይ ምኻድ መደባቶም ከም ዝናዋሕ ብምግባር፡ ብመንገዲ ኤልሳ ጭሩምን ኣብ ሱዳን ዝርከቡ ኣሰጋገርቲ (ሰምሰርቲ) ተባሂሎም ዝጽውዑ ደላሎ ብምትሕብባር፡ ነቶም ኣብ መዝገባ ኣስማቶም ዝተሰነዱ መንእሰያት፡ UNHCR ንምቕባልኩም ክዶናገ ስለ ዝኾነ፡ ብመንገዲ ጎላጉል ሰሃራ ሊብያ ኣቢልኩም ናብ ትሩብሊ ምስ ኣተኹም፡ ብመርከብ ገይርኩም ናብ ኢታሊ ምእታውኩም ይምረጽ ዝብል ተደጋግሚ ምኽሪ ብምሃብ፡ መንእሰያት ዜጋታት ኤርትራውያን ነፍስ ወከፎም ክሳብ $7000 (ሸውዓተ ሽሕ ዶላር ኣሜሪካ) ከፊሎም፡ ንጎላጉል ሰሃራ ከም ዝሰግሩ ብምግባር፡ ናብ ትሩቡሊ ሊብያ ድሕሪ ምእታዎም፡ ኤልሳ ገረሱስ ጭሩም ጓል ፈትየን ምስ ቀንዲ ካብ ኣሰጋገርቲ ሓደ ዝኾነ፡ ብስም ዓብደረዛቕ ዝፍለጥ ጸይቀ ዕሉል ገበናኛ ብምትሕብባር፡ ካብ ሊብያ ናብ ኢታልያ እተሰጋግሮም መርከብ ናይ ነፍስ ወከፎም ናብ ኢታሊ ዝሰግርሉ ገንዘብ $5000 (ሓሙሽተ ሽሕ ዶላር ኣሜሪካ) ከፊሎም፡ ነታ እተስግሮም መርከብ እናተጸበዩ ኣንከለዉ፡ በቲ ዝነበራ ናይ ሰኪዔት መርበብ ብምጥቃም ኣብ እዋኑ ኣብ ሊብያ ኣንጻር ፕረዚደንት መዓመር ጋዳፊ ኩናት ተጀሚሩ ስለ ዝነበረ፡ ኣብ'ቲ ተኣፋፊ እዋን ንሳ ብዝገበረቶ ምትሕብባርን ድለላን፡ ካብ ሊብያ ሒዛቶም እትወጽእ መርከብ ብምድላው፡ እቶም 387 መንእሰያት ኣስማቶም ኣብ መዝገባ ብምሓዝ፡ ብማእከል ናይ'ቲ ምስ ኔቶ ኩናት ዝካየደሉ ዝነበረ ተኣፋፊ ቦታ ክሰግሩ እንከለዉ፡ ናይ ኔቶን ሃገራት ምዕራብን ምትሕብባር ከም ዘለዎም ዝገለጸቶ ናይ ሓሶት መደብ ሪዒምም ድሕሪ ምብጋሶም፡ ብዕለት 17-18-03-2011 ካብ መራኽብ ኩናት ኔቶ ብዝተተኮሰሎም ሚሳይል፡ 387 ኤርትራውያን ናብ ባሕሪ ሜዲትራንያን መላስ ወረ ብዘይብሉ መንገዲ ክሃልቁ እንከለዉ፡ ናይ'ቲ ጉዳይ ተሓታትነቱ ናብ መንግስቲ ኤርትራ ድሕሪ ምልጣፋ፡ (እዚ ቓል እዚ:- ኣብ'ቲ ተሻሞ ድገና ኢሉ ዝጽዋዕ ፓል-ቶክ ሩም ወግዓዊ መግለጺ ዝሃበትሉ መስርሕ ኣብ ቅዳሕ ዘሎ ኢዩ::) ነዚ ጉዳይ መጽናዕቲ የካይደሉ ኣለኹ ብዝብል ጉልባብ፡ ካብ ኤውሮጳዊ ሕብረት ናይ ድጎማ ገንዘብ ዝረኸበትሉን፡ በቲ ዘጋጠመ ሃንደበት ዝመስል፡ ግን ብመንገዲ ኤልሳ ጭሩምን ኣምነስቲ ኢንተርናሽናልን ዝተዋደደ ዕንወት መንእሰያትና ዝጎሃየ ህዝቢ፡ ኣብ እዋኑ ኣስላማዩ ክስታናዩ ኣብ ዉሽጢ ኤርትራ ይኹን ኣብ ግዳም ጸሎተ ፍትሓት ዘካየደሉን ኢዩ ጥራይ ዘይኮነ፡ ከም ዕላማ መደብ በዓል ኤልሳ ገረሱስ ጭሩም፡ ኣብ እዋኑ ጉዳይ ሊብያ ስለ ዝዓብለሎ ድኣ 'ምበር፡ ብመደብ ኣንጻር መንግስቲ ኤርትራን ህዝባን ጎስጓስ ተኻይድሉ ኢዩ::

ዳን-ኮኔል ኤልሳ ገረሱስ



ኤልሳ ገረሱስ ጭሩም ጓል ፈትየን፡ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ኣብ ቤት ጽሕፈት ክራይ ኣባይቲ ኢያ ትሰርሕ ነይራ:: ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ስራሓ ደው ኣቢላ፡ በቲ ንሳ እትመርሖ ማሕበር እትመሓደርን እትነባበርን ኮይና፡ ብመንገዲ እቲ ማሕበር እትሓቶ ናይ ድጎማ ገንዘብ፡ ካብ ሃገር ናብ ሃገር እናዞረት ጎስጓሳት እተካይድ፡ ምስ ዳን-ኮኔል ርክብ ብምግባር ድማ፡ ንጥፈታት መደባት ስራሓ እተወሃህድ ኣብ ርእሲ ምዃና፡ ነቲ ኣብ ሞንጎ ኤርትራን ጁቡትን ንዘጋጠመ ኩነት ኣመልኪታ፡ ኣብ'ዚ ቐረባ ግዜ ናብ ጁቡቲ ብምኻድ፡ ነቶም ተማሪኾም ዝበለቶም ኤርትራውያን፡ መንግስቲ ጁቡቲ ብዝገበረላ ምትሕብባር ከም ዝረኸበቶምን፡ ካብ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ሃዲሞም ናብ ጅቡቲ ናይ ዝመጹ ኤርትራውያን፡ መንግስቲ ጁቡቲ ምስ ዘለዎ ስግኣትን ዋሕዲ ህዝብን፡ ነቶም ዝሰገሩ ስደተኛታት ብዓይኒ ፍርሕን ጥርጣረን ስለ ዝርእዮም፡ ካብ ከጋጥሞም ዝኽእል ሕማቕ ኣተሓሕዛ ከም ዘድሓነቶም ብምሕባር፡ መንግስቲ ኤርትራ ነቶም ካብ ጁቡቲ ዝማረኾም 19 ወትሃደራት ጁቡትን፡ ብጉልባብ ወትሃደራት ናይ ዝሓዞም 28 ሲቪልን፡ ብመንግስቲ ኤርትራ ሕማቕ ኣተሓሕዛ ከም ዝገበረሎም ዘሎ ብምንጻር፡ ናይ'ዚ መርትዖ ኸኣ፡ ካብቶም ካብ ኤርትራ ዘምለጡ ክልተ ምሩኻት ወትሃደራት ጁቡቲ ዝረኸበትኩዎ ናይ ዝበለቶ

ጸብጻብ ብምሓዝ: ልዕሊ ጳጳስ ካቶሊክ ብምኻን: ልዕሊ መንግስቲ ጅቡቲ ሓላይት ሃገረ ጅቡቲ ብምኻን: ንመንግስቲ ጅቡቲ ተኪኣ: ብመንገዲ እቲ ንሳ እተመሓድሮ ሓልዮት ሰብኣዊ መሰላት ዝብሃል ማሕበር: ምሉእ ጸብጻባ ኣንጻር ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ናብ ተቖጻጻሪት ኮሚቴ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ከተመሓላልፍ ኪኢላ ኢያ::

ኤልሳ ገረሱስ ጭሩም ንመዛግብቲ ኣከፋፍላ 2% ዝቁጸየሉ መንገድን: ናብ ተቖጻጻሪ ኮሚቴ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝቐርበሉ ባይታ ብምምድማድ: ጸብጻባት ኤርትራውያን እትእክብን: ኣብ ነፍስ- ወከፍ ኣንጻር ኤርትራ ናይ ዝካየድ ዋዕላታት ከም ዕድምቲ ብምኻን: ካብ ባይታ ዝረሓቐ ጸብጻባት ካብ ዘቕሪባ ሓንቲ ኢያ ጥራይ ዘይኮነ: ኤልሳ ገረሱስ ጭሩም ኣብዚ ሕጂ እዋን ምስ UNHCR ብምትሕብባር: መን ወረቐት ረኺቡ ክወጽእ ኣለዎ: መንከ ክወጽእ የብሉን ኣብ ዝብል መደብ: ናይ ሓባር ስራሕ መዲባ እትዋሳእ ኢያ::

ኤልሳ ገረሱስ ጭሩም ነቲ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ: ካብ ኢድ ኣእታውነት ናይ ወጻኢ ሓይሊ: ብፍላይ ከኣ ናይ ወያነ ምትእትታው ነጻ ኮይኑ ሽግር ኤርትራውያን ብኤርትራውያን ናብ ኤርትራውያን ዝብል መርሓ ሓሳብ ሒዙ: ናይ ዝንቀሳቐስ ዝነበረ ማሕበር E.Y.S.C. ኣካይዳ ንዕላማታታን: ዕላማ ለኣኽታን ስለ ዘየርብሕ:: እዚ ማለት ከኣ ሓድነት ህዝቢ ኤርትራ ቀንዲ ሕማም ተጻባእቲ ኤርትራ ምኻኑ ስለ ዝግንዘብዎ: ነዚ ማሕበር እዚ ኣብ ክልተ ንምግማዑ ካብ ዝሓዘቶ መደብ ሓደ ብምንባሩ ኢያ: ኣብ ውሽጢ እቲ ማሕበር ከም ሓጋዚትን መኻሪትን መሲላ ብምእታው: ነቲ ማሕበር ናብ ክልተ ናይ ኣውራጃታት ምትፍናን ከም ዝኣቱ ብምግባር: ነቲ ብኣውራጃ ሰራዩ ዝፍለጥ ማሕበር ተጎሊሉ ከም ዝወጽእ ብምግባር: ንዑኡ ዝሸውን ናይ ራድዮ ፈነወ ብምድላው: ብመንገዲ ዳን-ኮኔል ዝተገብረላ ምትሕብባር: ኣብ ኣሜሪካ ሓይሊ ናይ’ቲ ማሕበር ተፈልዩ ከም ዝወጽእ ብምግባር: ድሮ ኣብ’ዚ እዋን እዚ ኣብ ሞንጎ እቶም መንእሰያት ዓቢ ፍልልይ ኣውራጃ ሰራየን: ኣውራጃ ኣከለ-ጉዛይን ዝብል ሓደገኛ ሽርሒ ፈጢራ ዝንቀሳቐሳ ካብ ዘለዋ ማሕበራት ሓንቲ ሓደገኛ ዝኾነት ሰብ ኢያ::

ኤልሳ ገረሱስ ጭሩም ሰባት ዝርእይዎ ርክብ ምስ ወያነ የብላን:: ይኹን ድኣ ’ምበር ኩሉ እተካይዶ ምንቅስቓስ ካብ ምትእስሳር ወያነ ሓራን ነጻን ዝኾነ ኣይኮነን:: ነዚ ሰንሰለት እዚ መርበብ ኮይኑ ትሰርሓሉ መስመር ድማ: ጉልባብ ምጥባቕ ሰብኣዊ መሰል ኮይኑ: የእዳዋ ክሳብ ሽም-ኣልባ ስለ ዝዝርጋሕ: ብመንገዲ UNHCR ነቲ ዘለዋ ምትእስሳር ትጥቀመሉ መሳልል ኢዩ:: ኤልሳ ገረሱስ ጭሩም ብዋጋ ህዝቢ ኤርትራ ብምሽቃጥ: ኣብ ዓመት ካብ $250.000 ክሳብ 350.000 ነዚ እከይ ውዲታዊ ስርሓታ ካብ ዝተፈላለያ ናይ ኣሳለጥቲ እከይ ውዲታት: ከም በዓል NEDን ናይ Gorge Soros ማእከላትን እንዳ ተደጎመት: ሓልዮት ህዝቢ ኤርትራ ዘይተዓደለት: ቅንጣብ ነዝዒ ደም ዝተሸፍለ መስዋእቲ ከየቐንዘዋ: ሎሚ ኣብ **Flat D 13, Queens gate Terrace London SW 7 5 PR** እትነብር ዘላ: ኣብ'ቲ ንመርማሪት ክምሽን እትህቦ ቓል 'ውን እንተኾነ: ኣብ ኤርትራ ብሰላም ዝነብሩ ዘለዉ ስድራ ቤታ: ንሓንቲ መዓልቲ 'ውን ትኹን ታዕሪፉ ኢላቶም ዘይትፈልጥ: ኣቡኣ ኣቶ ገረሱስ ደቆም ብፍላይ ከኣ: እቲ ኣብ ኣሜሪካ ዘሎ ወዶም ብዝገበረሎም ሓገዝ: ሎሚ ኣብ ትውልዲ ዓዶም ዓዲ ገዳ: ውሃ! ዘበለ መረባዕ ሃኒጾም ዝነብሩ ዘለዉ ኢዮም:: ምስ'ቲ ኤልሳ ገረሱስ ጭሩም ጓል ፈትየን እተቕርቦ ናይ ሓሶት ዛንታ ዘይሳነ መስርሕ ኢዩ ጥራይ ዘይኮነ: ኤልሳ ጭሩም ገረሱስ ጓል ፈትየን እትነብረሉ ናይ ግላ ገዛ 'ውን እዚ ኢዩ:: ቅዳሕ ናይ መንበሪ ገዝኣ ሰነድ ተመልከት:- እዚ ከባቢ እዚ ኣብ ዓባይ ብሪጣንያ እቶም ኣለዉ ዝበሃሉ ርእሰ ሃብታማት ዝነብርሉ ከባቢ ኢዩ::


https://www.google.co.uk/maps/@51.4986835,-0.1813213,3a,90y,172.76h,98.11t/data=!3m6!1e1!3m4!1sUmD0bH-7DWAcE49k_PWWCA!2e0!7i13312!8i6656!6m1!1e1

ኣባል ማእከላይ ወኪል ስለያ ኣሜሪካ (ማወስ)
ናይ ፈረንሳ ኣምባሳዶር ኣብ ኤርትራ


ኣምባሳዶር ሮገር ኣውኪዩ

ግዝያዊ ሚኒስተር ዜና ኤርትራ

ዓሊ ዓብዱ



ኣብ ውሽጢ ኣስመራ ከባቢ ሚኒስትሪ ዜና ሓደ ሰላሕታዊ ዝርርብ ይካየድ ኣሎ:: ሓድሽ ኣምባሳደር ፈረንሳ ኣብ ኤርትራ ሮገር ኣውኪዩ: ምስ ገለ ኣባላት ሚኒስትሪ ዜና ኣብ ካዛ ደል ኢታልያ ተቛጺሩ ኣሎ:: ምስ ግዝያዊ ሚኒስተር ዜና ዓሊ ዓብዱን ጋዜጠኛ ተመስገን ደበሳይን:: ኣብ 11 ጥሪ 1956 ዝተወልደ ሮገር ኣውኪዩ: ናይ'ቲ ብfreelance ዝፍለጥ ጋዜጣ ሪፖርተር ብምዃን: ንኹናት ሓድሕድ ሊባኖስ ጸብጻባቱ



**ተመስገን ደበሳይ**




ዝሕልፍ ዝነበረ: ነቲ ዝካየድ ዝነበረ ሓድ-ሕዳዊ ኩናት ሊባኖስ ላምባ ዝኸስክስ ዝነበረ: ንኹነታት ሕዝቡላህ ኣብ 391 መዓልታት ጽዑቕ ምክትታል ብምክያድ: ናብ ሞሳድ ጸብጻባቱ ዘሰጋግር ዝነበረ ኣባል ማእከላይ ወኪል ስለያ ኣሜሪካ (ማወስ) ኮይኑ ዘገልግል ዝነበረ ምኩር ጋዜጠኛን ሰላዪን ኢዩ ሮገር ኣውኪዩ:: ኣብ 2009 ኣምባሳዶር ፈረንሳ ኣብ ኤርትራ ኮይኑ ዝተመዘዘ ሮገር ኣውኪዩ: ምስ ናይ እስራኤል ኣምባሳዶር ኣብ ኤርትራ ዝነበረ ገይ ፍለድማን: ጥቡቕ ዕርክነት ዝነበሮ ኣምባሳዶር ሮገር ኣውኪዩ: መደባት ውጥናቱ ኣብ ዕንወት ኤርትራ ሓደ ዘይተገረሐ ሰብ ግዝያዊ ሚኒስተር ዜና ዓሊ ዓብዱ ረኺቡ ብምጭባጡ: ንዕዮኡ ከም ዕዉት ኢዩ ወሲዱዎ ዘሎ::

**ኣምባሳዶር እስራኤል ኣብ ኤርትራ**
**ገይ ፍለድማን**

**ናይ ትማሊ ጸራብ ዕንጸይቲ (ፈለኛሞ) ኣባል ማእከላይ ወኪል ስለያ ኣሜሪካ**
**(ማወስ) ስእሊ ሜዳ ኤርትራ ዳን-ኮኔል**





ንምኻኑ ተራ ኣምባሳደር ገይ ፍለድማን ምስ ፍልሰት ጉዕዞ ሲናይን: ጥፍኣት ህልቂት መንእሰያትን: መሸጣ ውሽጣዊ ናውቲ ኣካላት ደቂ ሰብን ምትእስሳር ይህልዎ ዶ ኾን ይኸውን? ብፍላይ ምስ'ቲ 20 እስራኤላውያን ኣይሁድ ኣብ ምስግጋር ዘይሕጋዊ ናውቲ ደቂ ሰባት ብዝተሓሓዝ ጉዳይ: ኣብ ኣሜሪካ ምቕያዶምን ቅዳሕ ጥብቆ ተመልከት:- http://edition.cnn.com/2011/11/03/world/meast/pleitgen-sinai-organ-smugglers/ እቲ ናይ ትማሊ ዓርኪ ሰውራ ኤርትራ ዝብሃል ዝነበረ: ካብ ጸራብ ዕንጸይትን ለማጽ መንደቕን: ጸኒሑ ናብ ላብረርያን ሽያጢ መጻሕፍትን ብምስግጋር: ከም ሰኣላይን ጋዜጠኛን ብምዃን 1257 መዓልታት: ጻንሖቱ ኣብ ምስላል ኤርትራን: ንምውዳቕን ምርማስን እታ ሓዳስ ሃገር ኤርትራ ዝተጻወቶ ተራን ዝነበሮ ሕቡእ ኣጀንዳን: ኣብ ድሮ ምቕያድ ጉጅለ 15 ዘካየዶ ኣዕናዊ ቃለ መሕትት ህያው ኣብነት ኢዩ:: ንዝያዳ ቅዳሕ ሊንክ ተመልከት:- https://www.youtube.com/watch?v=wHPIwf3fG44 ዳን-ኮኔል: ከም መቐጸልታ መስርሕ ዕንወቱ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ: ናብ ቦታ በደዊን ብኣካል ብምግስጋስ ንዝሕለፎ ጸብጻባት ምስ እንፍትሸ: ቅዳሕ ጥብቆ ተመልከት:- http://www.danconnell.net/about-dan-connell

5ይ ክፋል ይቕጽል

ግዱሳት ተጸናጸንቲ እከይ ውዲታት

gdusattsenatsenti@gmail.com